# ሓበሬታ ካብ ምምሕዳር ከተማኦብረ ኣይከር ብዛዕባ ክትባት ኮቪድ-19

## ተኸተብ - ንርእስኻን ንኻልኦትን ተኸላኸል!

ቀንዲ ሽቶ ክትባት ኮሮና ንህይወትን ጥዕናን እቶምብሕማም ኮቪድ-19 ብቐሊሉ ክሓምሙዝኽእሉ ሰባት ንምድሓን እዩ። ኣብ ኖርወይ ብወለንታኻ እዩ ክትባት ዝወሃበካ፣ እቲ ሓድሽ ክትባት ኮሮና-19 ከኣ ብናጻ እዩ ዝወሃብ። ስለዚ፡ ነቲ ክትባት ክትወስድ ዕድል ክወሃበካ ኸሎ ክትክተብ ንመኸረካ።

## ዕላማእቲ ክትባት፦

- ሞት ንምንካይ
- ከቢድ ሕማምንምንካይ
- ኣገዳሲ ህዝባዊ ኣገልግሎትታትን መዋቕራትን ንኸይቋረጽ ንምግባር
- ንስራሕቲ ንምዕቋብ
- ንጥፈታት ሕብረተሰብ እንደገና ክኸፈት ንምግባር

እቲ ምምሕዳር ከተማ ንኹላትኩምልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኹም ክትባት ክትወስዱትድለዩ ኣይትድለዩ ብዘየገድስ፡ ቀልጢፍኩምኣብቲ ንክትባት ንምምዝጋብ እተዳለወ ወብሳይት ክትምዝገቡ ንመኸረኩም፡

## *ብኸመይ ክትምዝገብ ትኽእል፦*

**1) ባዕልኻ ተመዝገብ**
**2) ካብ ቤተሰብካ ወይ ናይ ቀረባ ሰብካ ሓገዝ ብምሕታት ተመዝገብ**
**3) በቲ ናይ ክትባት ተሌፎን ብምድዋል ተመዝገብ**

**ኣማራጺ 1፦**

ናብቲ መመዝገቢ ንምእታውነ ዚ ጠውቖ። ኖርወጅያኛ ዘይኮነ ካልእ ቋንቋ ክትመርጽ እንተ ደሊኻ፡ ነታ ብየማን ላዕሊ ዘላ

ናይ ግሎብ (ዓለም) ምልክት ጠውቓ። ብናይ ባንክ ማለዪኻ (BankID) ጌርካ እቶ። ድሕሪኡ፡ ንዝወሃበካ ማምርሒታት ስዓብ። ክትክተብ እንተ ደሊኻ፡ በቲ ዘመዝገብካዮ ቑጽሪ ተሌፎን ጌርና መዓስ ተራኺ ከምዝበጽሕ ክንነግረካ ኢና።

**ኣማራጺ 2፡-**
ካብ ቤተሰብካ ወይ ናይ ቀረባ ሰብካ ሓገዝ ብምሕታት ተመዝገብ። መጀመርታ ነቲ ኣማራጺ 1 ርኣዮ ወይ ከኣ [ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ጠውቖ።](#) (ብኖርወጅያኛ) እቲ ዝሕግዘካ ሰብ ብናቱ ናይ ባንክ ማለዪ (BankID) ኣትዩ፡ ብዛዕባ ዘድሊ ሓበሬታ ኽሜልእ ኣለዎ። በቲ ዘመዝገብካዮ ቑጽሪ ተሌፎን ጌርና መዓስ ተራኺ ከምዝበጽሕ ክንነግረካ ኢና።

**ኣማራጺ 3፡-**
ሓገዝ የድልየካ ድዩ፧ በቲ ናይ ምምሕዳር ከተማበቲ **ናይ ክትባት ተሌፎን** ቀጽሪ **ተሌፎን 906 83 432** ጌርካ ደውል። ብኖርወጅያኛ ወይ እንግሊዝኛ ብምዝርራብ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። ቀሩብ ክትጽበ ግን የድልየካ ይኸውን እዩ።

***ምስ ተመዝገብኩ ድሕሪኡ እንታይ እዩ ዝኸውን፧***
ሓንሳእ ምስ ተመዝገብካ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ብሞባይካ ክለኣኸልካ እዩ። ክትክተብ ተራኺ ምስ በጽሐ፡ ካልእ ሓድሽ መልእኽቲ ብሞባይል ክለኣኸልካ እዩ። ኣብቲ መልእኽቲ ድማ ቈጸራ ከተትሕዝ ዝሕግዝ **ሊንክ** ክህልዎ እዩ። እቲ መልእኽቲ ምስ በጽሓካ ድማነቲ ኣብኡ ዘሎ ሊንክ ብምጥዋቕ ቀልጢፍካ ቈጸራ ሓዝ።

መዓስ ከምእትኽተብ ብርግጽ ክፍለጥ ኣይከኣልን እዩ፣ ኣብቲ እቲ ምምሕዳር ከተማ ክትባት ዝረኸበሉ ኵነታት እዩ ዝምርኰስ። ምናልባት ቀልጢፍካ ኽትጽዋዕ እውን ትኽእል ኢኻ።

እቲ ክትባት ኣብ ውሽጢ ናይ ሓጺር ሰሙናት ፍልልይ **ክልተ ሳዕ** እዩ ዝወሃብ። ነቲ ናይ መጀመርታ ክትባት ክትክተብ ቈጸራ

ምስ ኣትሓዝካ፡ ሽዑሽዑ ነቲ ኻልኣይ ክትባት እትኽተበሉ ቈጸራ ክወሃበካ እዩ።

**እቲ ኽትባት ኣበይ እዩ ዝካየድ፧**

ከምንቡር እቲ ክትባት ኣብቲ **ቀደምባርጋንስ ዝነበረሉ ቦታ፡ Loe Bruk nr. 9 ኣብ ሉወስሞን፡ ሆክሱን (Loesmoen, Hokksund) እዩ።** ፍሉይ ኸኣ ታት እንተልዩ ግን ንገሊኦም ውሉቀ ሰባት እቲ ኽትባት ኣብገዛኦም ክወሃቦም ይኽእል እዩ።

**ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክብ ምደለኻዶ፧**

[ብዛዕባ ክትባት ኮሮና-19 ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ጠውቕ።]